# ደብረ ታቦር

## ነሓሰ 13 2015 ዓ.ም. 8/19/2023

ንባባት፡ ዕብ 11:23-30, 2ጴጥ 1፡15-ፍ ፥ ግ.ሓ. 7፡34-51። ሉቃ 9፡28-38

ምስባክ፡

1. ታቦር ወአርሞንኤን በስመ ዝአከ ይትፌስሑ ወይሰብሑ ለስምከ መዝራዕትከ ምስለ ኃይል፥ እምባ ታቦርን ሄርሞንን ብስምካ ዕልል ይብሉ፥ ንስምካ ኸአ የምስግኑ፥ ቅልጽምካ ምስ ሓይልኻ መዝ. 89፡12-13።

2. ደብር ርጉዕ ወደብር ጥሉል፥ ለምንት ይትነሥኡ አድባር ርጉዓን ደብር ዘሰምሮ እግዚአብሔር የኃድር ውስቴቱ እምባ ርጉእን ጥሉልን፥ ስለምንታይ ኢኹም ብቕንኢ እትትንሥኡ፥ እግዚአብሔር አብኡ ንዘለዓለም ክነብር እዩ መዝ. 68፡15-16።

ብዓል ደብረ ታቦር ሓደ ካብቲ ካብ 5ይ ክፍለ ዘመን አብ ምስራቕ ሶርያ ብዕሊ ክብዓል ዝጀመረ እዩ አብ ምዕራባዊ ዓለም ምስ ምስዓር አስላም አብ ምስራቕ ኤውሮጳ አብ 15 ክፍለ ዘመን ክብዓል ጀሚሩ። ነዚ ብዓል ፍሉይ ዝገብሮ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስቶም ዘፍቅሮም ሰለስተ ሓዋርያቱ ጴጥሮስ ያዕቆብ ዮሓንስ አብ ደብረ ታቦር ክጽሊ ከምዝወሰዶም እሞ አብኡ ራእዩ ከም ዝተቐየር እሞ ንሱ መን ምዃኑ ዝገለጸሉ እዩ። ሉቃስ አብዚ ብዙሕ ምልክታት ጠቒሱ ንረኽቦ ከምኡ ብሰለስተ ወንጌላውያን ዝጥቀስ እዩ፥ ደመና፥ ብርሃን፥ ድምጺ፥ ጎቦ፥ ከምኡ ናይ ሙሴን ኤልያስን ምህላው ፍሉይ ትርጉም ይህቦ ክልቲኦም ንሕግን ነብያትን ይውክሉ። ሉቃስ ነዞም ሰለስተ ሓዋርያት አብ ጌተ ሰማኒ ምስኡ ከም ዝወሰዶም እሞ ድቃስ ከም ዝወሰዶም ይገልጽ። አብዚ እውን በቲ ዝረአይዎ ድቃስ ይወስዶም።

ሉቃስ ወንጌላዊ ንፍሉይ ዓላማ ኢሉ ፍልይ ብዝበለ ይገልጸልና። መጀመርያ ክጽሊ ከም ዝኸደ ይገልጽ። አብዚ እቲ ራእዩ ምቕያሩ ናይ ጸሎት ጥቕሚ ክገልጽ ኢሉ የእትዎ። ክጽሊ እንከሎ፥ ክጥመቕ እንከሎ (3፡21-22) ኩሉ ጊዜ ሓደ ዓቢ ነገር ይገጥም። ራእዩ ተቐይሩ እዚ ብሕማም ወይ ብገለ ምኽንያት ዝመጸ ምቕያር ዘይኮነ አብቲ ውሽጣዊ ለውጢ እዩ ዘስምዕ። አብ ማርቆስ 9፡2 አብ ማቴ 17፡2 እውን ንረኽቦ ኢና። ክዳውንቱ ዘነጸባርቕ ጻዕዳ ኮነ ይብለና። ጻዕዳ ክዳውንት ምልክት ሓጎስን ብዓልን እዩ። አብ ዳንኤል 7፡9 ነዚ ዝገልጽ ንረክብ። አብ ግ.ሓ. 1፡10 አብ መዓልቲ ዕርገቱ ክልተ ሰባት (መላእኽቲ) ጻዕዳ ክዳውንቲ ዝተኸድኑ፥ አብ መዓልቲ ትንሣኤ ሉቃስ 24፡4 ዘንጸባርቕ ክዳን ዝተኸድኑ ከምዝተራእዩ ይነግረና።

ክጽሊ እንከሎ ሙሴን ኤልያስን ከምዝተራእዩ አብ ሉቃስን ማቴ 17፡3 ነቲ ማር ኤልያስን ሙሴን ዝብል ንታሪኻዊ መስርዕ (ንክሮኖሎጂካዊ መስርዕ) ክጥዕም ቀይሮም ይነግሩና። አብዚ ናይ ሙሴ ዓቢ ነገር ብዝያዳ ጸቒጡ ይነግረና። ሙሴ (ዘፅ 24፡15-18) ኤልያስ (1ዘነገ 19፡8-19) ክልቲኦም ናይ አምላኽ ህላዌ አብ ጎቦ ዝተመኸሩ እዮም፥ ክልቲኦም ድሕሪኦም ንዝትክእዎም ዝቐብኡ እዮም (እያሱ አብ ዘዳግ 34፡9፥ ኤልሳዕ አብ 1ዘነገ 19፡16-19፥ 2ዘነገ 2፡9-15)።

ብግርማ ተገሊጹ ዝብል አዘራርባ ፍሉይ አብ ሉቃስ እዩ አብ ጉልቅ 32 ከአ ተደጊሙ ንረኽቦ። ነቲ ራእዩ ዝተቐየረ ዝብል ናይ ወዲ ሰብ ዝብል ምስ ኢየሱስ የተሓሕዞ። አብ ሉቃስ 2፡9 ከምኡ አብ 2፡32 ብግርማ ምግላጹ ንኢየሱስ ከምዝምልከት ድሮ ተነጊሩ ነሩ እዩ።

ነዚ መሰረት ገርና መንፈሳዊ ትርጉም ብዓል ደብረ ታቦር ክንርኢ። ንባባትና አዕሚቑና እንተ አስተንተና አብዚ ዓለም ምስ ዘሎ ነገራት ጥቡቕ ርክብ አሎና፥ ብአንጻሩ ኸአ ናይ እዚ ዓለም

ከምዘይኮና ኸአ እምነትና ይነግረና። ንአምላኽ ክንረኽቦ እንተ ኾና አብዚ ዓለምን በዚ ዓለምን ጌርና ጥራሕ ኢና እንረኽቦ። እዚ እንነብሮ ዓለም ነባሪ ሰፈርና አይኮነን አብ ጉዕዞ አብ ስደት ኢና ዘሎና፥ አብ ቀዋሚ ስፍራና እናተጎዓዝና ኢና፥ ምስ አምላኽ ምሉእ ሓድነት አብ እንረኽበሉ ስፍራ ገጽና እና ተጎዓዝና ኢና። እዚ እዩ ዓላማ ተፈጥሮና ስለ ዝኾነ ኩሉ ጊዜ አብ ቅድሚ ዓይንና ገርና ክንርእዮ ዘሎና እዩ። አብ ጉዕዞና እንከሎና ብሓላፊ ነገራት ክንትሓዝ ይክአል እዩ፥ ክእለትና ትሕዝቶ ገንዘብና፥ ትምህርትና ዝኣመሰሉ አብ ገለ እዋን ዓንቀፍትና ክኾኑ ይክአል እዩ። ከምሰይቲ ሎጥ ድሕሪት ክንጥምት የብልናን ኩሉ ጊዜ ንቅድሚት ጠሚትና እንተ ተጎዓዝና እዩ ዝሓሸ። ከምቲ ሓደ ጽሓፋይ ዝበሎ ሕይወት ከም አብ ምርኢት አብ ቤት ሲናማ እንርእዮ እዩ። ሕይወት ሱቕ ኢሉ እዩ ዝጉዓዝ ግን አበይ ገጹ ከም ዝጉዓዝ ዘሎ ምፍላጡ አድላዪ እዩ።

ቅዱስ ሉቃስ ነዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ክገልጸልና እንከሎ አብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ጴጥሮስ ኢየሱስ ሰባት መን ይብሉኒ ኢሉ ምስሓተቶም ዝሃቦ መልሲ መሰረት ገሩ እዩ ነዚ ክፍሊ ምልዋጥ ራእዩ ዝነግረና። ጴጥሮስ መምህሮም እቲ ዝጸብይዎ መስሕ ምዃኑ ገሊጹ እዚ ነቶም ዝስዕብዎ ዝነበሩ ዓቢ ጸጋን ህያብን እዩ ነሩ፥ ንሳቶም ክስዕብዎ ስለ ዝተሓርዩ ዕድለኛታት እዮም። አብዚ ጊዜ አብ አእምሮ ነፍስወከፎም ዝነበረ ትጽቢት ክንግምቶ ንኽእል ማለት አብ ስልጣን ዘለዎም ተስፋታት። እዚ ኹሉ ግጉይ ትጽቢት ድሕሪ ሓጺር ጊዜ በኒኑ። ኢየሱስ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ ናቱ ተኸታሊ እንታይ ምዃኑ ኽገልጸሎም ጀሚሩ። ዓበይቲ ህንጻታት አይክህሉን እዩ፥ ናይ ክብሪ ቦታታት አይክህሉን እዩ። ብአንጻሩ ካብ መጀመርያ ነገራት ካልእ መገዲ ክሕዙ እዮም። እቲ መስሕ ብብዙሓት ክጽላእ ክዋረድ ክንዓቕ ክትሓዝ ክሳቐ አብ መጨረሻ ክስቀል እዩ። እንተ ኾነ እዚ እቲ ዝተጸበይዎ መስሕ አይነበረን። አርድእቱ ነዚ ምስ ሰምዑ አብ ከቢድ ጸልማት አትዮም። ጴጥሮስ ነቲ ዝሰምዖ ክጻወሮ ስለ ዘይከአለ ጎይታይ እዝስ አይውረድካ እናበለ ተዛሪቦ፥ እንተኾነ ነቲ ሓለቓ ቤተ ክርስትያን ቀዳማይ ወኪሉ ኪድ ሰይጣን ካባይ ርሓቕ እናበለ ገኒሕዎ።

ድሕሪ እዚ ኩነት እዩ ናይ ሎሚ ወንጌል ዝሰዓበ። ንሰለስተ ናይ ቀረባ አርድእቱ ንጴጥሮስ ያዕቆብን ዮውሓንስ ምስኡ አብ እምባ ወሲድዎም። ብርግጽ እዚ እምባ አየናይ ምዃኑ ቅ. መጽሓፍ አይነገረናን እዩ እንተኾነ ደብረ ታቦር ከምዝኾነ ብትውፊት ይንገረና። አብ ቅዱስ መጽሓፍ ጎቦ ቅዱስ ቦታ እዩ ምኽንያቱ አብኡ አምላኽ አሎ። አብ ብሉይ ኪዳን እንተ ረኤና አብ አድባራት ዓበይቲ ነገራት ተፈጺሞም። ደብረ ሲና ደብረ ታቦት ደብረ ጽዮን፥ ደብረ ሄርሞን ወዘተ ኩሎም ፍሉይ ናይ አምላኽ ህላዌ አብ አድባራት ይገልጹልና። አብ ደብረ ታቦር ጴጥሮስን ያዕቆብን ዮውሓንስ ኢየሱስ ብምሉእ ራእዩ ከምዝተቐየረ ክርእዩ ክኢሎም። ብርሃን አምላኽ ብአኡ አቢሉ ከንጸባርቕ ርእዮም።

ብሃንደበት ብሙሴን ኤልያስን ተማእኪሉ ርእዮሞ ክልቲኦም አዕማድ ናይ ዕብራዊ ኪዳን ንሕግን ነብያትን ዝውክሉ ብሓፈሻ ብምሉእ ንዕብራዊ ባህሊ ዝውክሉ እዮም። ሉቃስ ክልቲኦም ብዛዕባ አብ ኢየሩሳሌም ዝወርዶ ስቓይን ሞትን ይዛረቡ ነሮም ይብለና። አብዚ ክልቲኦም ሙሴን ኤልያስን ነቲ ንኢየሱስ ዝወርዶ መከራ ብምልኡ ምስቲ ንሶም ዝውክልዎ ባህሊ ከምዝሰማማዕ ከም ዝፈልጡን ኮይኑ ይቐርብ።

እቶም ሰለስተ ሓዋርያት ሓንቲ ክርድኦም አይከአለን አብ ድቃስ እዮም ነሮም (ከምቲ ድሓር አብ ጌተ ሰማኒ ዝኾንዎ) ድሓር ግን ነቒሖም (አብ ገተ ሰማኒ ግን ክነቕሑ አይከአሉን)። ሙሴን ኤልያስን ምስ ከዱ ጴጥሮስ ካብ ስምዒት ዝተላዕለ ዓጀውጀው ክብል ጀሚሩ። ጎይታይ አብዚ ሰለስተ ዳስ ንግበር ሓንቲ ንኣኻ ሓንቲ ንሙሴ ሓንቲ ኸአ ንኤልያስ እናበለ ክቆጻጸሮ ዘይከአለ ዘረባ አህተፍቲፉ። ወንጌል ነዚ ክገልጽ እንከሎ ጴጥሮስ ዝብሎ አይፈልጥን ነሩ ይብለና። ጴጥሮስ ዘረብኡ ምስ ወድአ ደመና መጺኡ አንጸላለዎም እሞ አብቲ ደመና ክአትዉ ከለዉ ፈርሁ። እዚ አምላኽ ምስኦም ከምዘሎ ዝገልጽ እዩ። ካብቲ ደመና ኸአ እቲ ዝሓረኽዎ ወደይ እዚ እዩ ንእኡ ስምዕዎ ዝብል ድምፂ ተሰምዐ።

ስምዕዎ፥ ነቲ ኢየሱስ ዝበሎም ብዛዕባ መስሕን ክንጸግን ክሓምምን ብዘሕፍር ሞት ከምውት ምዃኑ ክዝክርዎ ተነጊርዎም። ነዘን ቃካት እንተ ዘይተረድኦምን እንተ ዘይተቐበልዎን ነቲ ሓቀኛ ኢየሱስ አይፈልጥዎን እዮም ማለት እዩ፥ አርድእቱ ኸአ ኸኾኑ አይክእሉን እዮም። ከምቲ አብ ዮሓ 12፡24 ፍረ ስርናይ አብ ምድሪ ወዲቓ እንተ ዘይሞተት በይና እያ እትነብር፥ እንተ ሞተት ግን ብዙኅ ፍረ ኸም እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ ዝበሎ እዩ። ሕማማትን ሞትን ኢየሱስ ንነፍስወከፍና ናይ ሓዲስ ሕይወት ዘርኢ እዩ።

እቲ ድምፂ ምስተ ተሰምዐ ኢየሱስን እቶም ሰለስተ ሓዋርያት ንበይኖም ተሪፎም። እቲ ኩሉ ጊዜ ዝርእይዎ ኢየሱስ ጥራሕ ርእዮም። ግን ሱቕ ኢሎም፥ ሓንቲ አይበሉን ብዙሕ ብዛዕባ እምነትን ኢየሱስን መገድታቱን ክፈልጥዎን ክምሃርዎን ዘለዎም ነገራት ከምዘሎ ክርድኡ ክኢሎም። ዘድልዮም ዝነበር ህያብ እምነት ምሉእ ብምሉእ አብ ኢየሱስ ምእማን ጥራሕ ምዃኑ እውን ክዕዘቡ ክኢሎም።

መልእኽቲ ዕብራውያን ነዚ ብዝያድ ክንርዳእ ትሕግዘና። እምነት አብርሃም አቦና። ሕይወት አብርሃም ብምልኡ ጉዕዞ እምነት እዩ። ዓደብኡ ሓዲጉ አብዘይፈልጦ ዓዲ ክኸይድ ተሓቲቱ፥ ነዚ እንተ ገበረ አቦ ብዙሕ ህዝቢ ከምዝኸውን ተነጊርዎ ብእምነት ሓንቲ ዋሕስ ዘይብሉ ዓደብኡ ሓዲጉ አብቲ ዝተባህሎ ከይዱ። ውሉድ ዘይብሉ እንከሎ አቦ ብዙሕ ህዝብ ከምዝኸውን ተነጊርዎ ነዚ እውን ብእምነት ተቐቢልዎ። ንሓደ ወዱ ክሰውአሉ አምላኽ ምስ ሓተቶ ብእምነት ከተግብሮ ፈቲኑ፥ሣራ ሰበይቱ አብ እርጋና ከምእትወልድ ንዝተነግሮ አሚኑ ብሓጺሩ ኩሉ ሕይወቱ እምነት ዝመልአ እዩ ነሩ።

ነዚ ክነንብብ እንከሎና ከመይ ገሩ ልባትና ከምዝትንክፈና ክንሓስብ አሎና። ሓዋርያት አብ ደብረ ታቦት ዝተዓዘብዎን ዝረአይዎን ክርእዩን እንታይ ከምዝተገብረ ክምስክሩን ጥራሕ አይኮነን ምስኡ አብ እምባ ዝደየቡ፥ ንሳቶም እውን አብ ሕወቶም ምሕዳስ ምልዋጥ ክግብሩ ከምዘድሊ ክነግሮም ኢሉ እዩ። ንሕና እውን ነዚ ክንገብር ፍቓደኛታት ክንከውን ንዕደም አሎና። ቅዱስ ጳውሎስ አብ ሰብ ፊሊጺስዩስ ዝጸሓፋ 3፡17-ፍ ዘሎ እንተ አንበብና ንሕና ግና ሃገርና አብ ሰማያት እያ ይብለና። ዓላማን መወዳእታናን ሕይወትና ምስ አምላኽ ምዃን እዩ። ካልእ ዓላማ የብልናን።

ከመይ ኢሉ እዩ ምሕዳስ ምቓይር አብ ሕይወትና ክመጽእ ዝኽእል? ነቲ ኩሉ ኢየሱስ ዝብለና ብምስማዕን ነቲ ኩሉ ዝብለናን ዝደልዮን ብምግባርን፥ ብኻልእ አዘራርባ አንጻር ኩሉ እቲ ካብ አምላኽ ዝፈልየና ብምኻድ እዩ። ከምቲ ንጴጥሮስ ክሰምዖን ክቕበሎን ዘይደለ ግን ክሰምዕን ብአኡ ክጉዓዝን ዝተሓተ ንሕና እውን ነቲ እንደልዮ ወይ ዝጥዕመና ዘይኮነ ነቲ አምላኽ ዝደልዮን ዝሃበናን ብምቕባል ብምግባርን እዩ። ምሉእ እምነት ገርና ብመገዱ ክንጉዓዝ ከሎና። አብ መገዱ ምሉእ እምነት ብምግባር እሞ ንሳ ጥራሕ አብ ምሉእ ሓድነት ምስ አምላኽ ከም እተብጽሓኒ ብምሕሳብ ክጉዓዝ አሎኒ። እዛ መገዲ እዚአ ጥራሕ እያ ምንጪ ሓቅን ፍቕርን ሓጎስን ሰላምን።

ደብረ ታቦር ዝኾነ መንበረ ታቦት አብኡ ኢየሱስ ብምለኮቱን ብትስብእቱን ምሳና አሎ፥ አብ ቅድሚኡ አብ እንቆመሉ ጊዜ መንፈስና ሓዲስና ምሳኽ ጥራሕ ምንባር ይሕሸና ንበሎ። ንዅሉ ጸልማት ሕወትና ቀንጢጡ ንቅድስት ቤተ ክርስትያና ጸጋን በረኸትን የውርደልና፥ ነዚ ዘንጸላልወና ፈተና ሰይጣን ስዒርና ንዓለም ብርሃን ክነብርህ ባዕሉ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ ንዅሉ ይቐይረልና።

ብሩኽ ብዓል ደብረ ታቦር ንዅልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ